# ናይ መንፈስ ቅዱስ ሊጣንያ (ብትግርኛ)

| | |
|---|---|
| ኦ ጐይታ መሓረና | ኦ ጐይታ መሓረና |
| ኦ ክርስቶስ ይቕረ በለልና | ኦ ክርስቶስ ይቕረ በለልና |
| ኦ ጐይታ መሓረና | ኦ ጐይታ መሓረና |
| ኦ ኃያል ኣቦ | መሓረና |
| ዘለዓለማዊ ወዲ ኣብን መድኃን ዓለምን፥ ኢየሱስ | ኣድኅነና |
| ናይ ኣብን ናይ ወልድን ደረት ኣልቦ ሕይወት | |
| ዝኾንካ መንፈስ ቅዱስ | ቀድሰና |
| ኦ ቅድስት ሥላሴ | ስምዓና |
| ካብ ኣብን ወልድን እትሠርጽ መንፈስ ቅዱስ | ናብ ልብና እቶ |
| ምስ ኣብን ወልድን ማዕረ ዝኾንካ መንፈስ ቅዱስ | ናብ ልብና እቶ |
| ተስፋ እግዚኣብሔር ኣብ | መሓረና |
| ናይ ሰማያዊ ብርሃን ጨራ | መሓረና |
| ወናኒ ኵሉ ሠናይ | መሓረና |
| ምንጪ ሰማያዊ ማይ | መሓረና |
| እትባላዕ ሓዊ | መሓረና |
| ምውቕ ፍቕሪ | መሓረና |
| መንፈሳዊ ቅብኢ | መሓረና |
| መንፈስ ፍቕርን ሓቅን | መሓረና |
| መንፈስ ጥበብን ምስትውዓልን | መሓረና |
| መንፈስ ምኽርን ጽንዓትን | መሓረና |
| መንፈስ ፍልጠትን መንፈሳውነትን | መሓረና |
| መንፈስ ፈሪሃ ኣምላኽ | መሓረና |
| መንፈስ ጸጋን ጸሎትን | መሓረና |
| መንፈስ ሰላምን ለውሃትን | መሓረና |
| መንፈስ ንጽሕናን ቅንዕናን | መሓረና |
| መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ | መሓረና |
| ቀዳሲ መንፈስ ቅዱስ | መሓረና |
| ንቤተ ክርስቲያን እተመሓድር መንፈስ ቅዱስ | መሓረና |
| ህያብ ልዑል ኣምላኽ | መሓረና |
| ንዓለም ዝመላእካ መንፈስ ቅዱስ | መሓረና |
| ብጸጋ ውሉድ ኣምላኽ እትገብር መንፈስ | መሓረና |

መንፈስ ቅዱስ ንናይ ኃጢኣት ምስክሕካሕ ክንርዳእ ኣስተንፍሰልና

መንፈስ ቅዱስ ንገጽ ምድሪ ንምሕዳስ ንዓ

መንፈስ ቅዱስ ኣብ ነፍሳትና ብርሃንካ ኣብርሃልና

| | |
|---|---|
| መንፈስ ቅዱስ | ኣብ ልባትና ሕግታትካ ሕተመልና |
| መንፈስ ቅዱስ | ብናይ ፍቕርኻ እሳት ኣቀጻጽለና |
| መንፈስ ቅዱስ | መዝገብ ጸጋታትካ ኣርሕወልና |
| መንፈስ ቅዱስ | ብጽቡቕ ምጽላይ መሃረና |
| መንፈስ ቅዱስ | ብናይ ሰማያዊ ኣስተንፍሶታትካ ኣብርሃልና |
| መንፈስ ቅዱስ | ኣብ መንገዲ ድኅነት ምርሓና |
| መንፈስ ቅዱስ | ነቲ ኡንኮ ዜድሊ ፍልጠት ሃበና |
| መንፈስ ቅዱስ | ሠናይ ንኽንገብር ኣስተንፍሰልና |
| መንፈስ ቅዱስ | ፍረ ኵለን መንፈሳውያን ኃይልታት ዓድለና |
| መንፈስ ቅዱስ | ኣብ ርትዒ ከም እንጸንዕ ግበረና |
| መንፈስ ቅዱስ | ዘለዓለማዊ ዓስብና ኵን |

ኦ ኃጢኣት ዓለም እትቕንጥጥ በጊዕ እግዚኣብሔር - ንመንፈስ ቅዱስካ ስደደልና
ኦ ኃጢኣት ዓለም እትቕንጥጥ በጊዕ እግዚኣብሔር - ኣብ ነፍሳትና ህያባት መንፈስ ቅዱስካ ኣፍስሰልና
ኦ ኃጢኣት ዓለም እትቕንጥጥ በጊዕ እግዚኣብሔር - መንፈስ ጥበብን መንፈሳውነትን ሃበና።

**መራሒ - ንዓ መንፈስ ቅዱስ ንልባት ምእመናንካ ምላእ**
**ሕዝቢ - ናይ ፍቕርኻ እሳት ኣብኣቶም ኣቀጻጽል።**

**ንጸሊ**

ኦ መሓሪ ኣብ፥ መለኮታዊ መንፈስካ ኬብርሃልናን ኺቀጻጽለናን ኬንጽሓናን፥ ኣብ ሠናይ ተግባራት ከኣ ፈርያም ምእንቲ ኽንከውን፥ በቲ ሰማያዊ ጠለቱ ናብ ውሽጥና ኺኣቱን ግበረልና ኢልና ብስም እቲ ምሳኻን ብኅብረት መንፈስ ቅዱስን ንዘለዓለም ዓለም ዚነብርን ዚገዝእን ወድኻ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንልምነካ ኣሎና። ኣሜን።

****************